ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ንነፍሰጾራት

ነፍሰጾራት ከም ካልኦት ሰባት ሕማም ኢንፍሉዌንዛ ከጋጥመን ልሙድ እኳ እንተኾነ፡ ነፍሰጾራት ግን በቲ ሕማም ብኽቢድ ናይ ምሕማም ሓደጋ ኣለዋን፣ ጥንሲ እናወሰኽ ምስ ከደ ድማ በቲ ሕማም ብኽቢድ ናይ ምሕማም ተኽእሎኣን ይውስኽ። ብኽቢድ ምስ ዝሓምማ ነቲ ዕሸል እውን ሓደጋ ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ እቲ ክታበት ንኣደን ንውላድን ይከላኸል።



ንነፍሰጾራት ዝወሃብ ለበዋ

- ኣብ 2ይን 3ይን ወቕቲ ናይ ጥንሲ ዝርከባ ነፍሰጾራት ቅድሚ ክረምቲ ምእታዉ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ክወስዳ ይምከር።
- ኣብ 1ይ ወቕቲ ጥንሲ ዝርከባ ነፍሰጾራት እውን፡ ኣብቶም ብሕማም ናይ ምልካፍ ልዑል መጠን ዘለዎም ጉጅለ ዝምደባ እንተ ኾይነን ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ክወስዳ ይምከራ።

እቲ ምኽሪ ንወቕቲ ቀውዒን ክረምትን 2025/2026 ዝምልከት እዩ።

ንኣደ ይከላኸል

መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ፡ እቲ ክታበታት ንነፍሰጾራት ልክዕ ከምቲ ንኻልኦት ጥዑያት ዓበይቲ ሰባት ጽቡቕ ይከላኸል እዩ።

ነቲ ዕሸል ይከላኸለሉ

ዕሸላት ካብ ዓበይቲ ህጻናትን ዓበይት ሰባትን ንላዕሊ ብሕማም ኢንፍሉዌንዛ ብኽቢድ ናይ ምሕማም ሓደጋ ኣለዎም። ክታበት ኣደ ኣብ እዋን ጥንሲ ነቲ ህጻን ኣብተን ቀዳሞት ኣዋርሕ ህይወት ንምክልኻል ይሕግዝ። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣብ እዋን ጥንሲ ኣንጻር ኢንፍሉዌንዛ ምኽታብ፡ ንሓደጋ ምውራድ ጥንሲ፡ ቅድሚ ግዜኡ ምውላድ ወይ ኣብ ልዕሊ ዕሸል ጉድኣት ከም ዘይውስኽ ይሕብሩ።

ብዛዕባ ክታበት

ብዛዕባ ክታበትእቲ ክታበት ብሓንሳእ እዩ ዝወሃብ። ዝኾነ ሀያው ቫይረስ ስለ ዘይብሉ፡ ሕማም ኢንፍሉዌንዛ ከስዕብ ኣይክእልን። እቲ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ካብ ካልኦት ተመሳሳሊ ምልክታት ከስዕቡ ዝኽእሉ ቫይረሳትን ባክተርያን ኣይከላኸልን እዩ።

ጎናዊ ሳዕቤናት

ኵሉ ክታበታት ጎናዊ ሳዕቤት ከስዕብ ተኽእሎ እኳ እንተለዎ፡ ኩሉ ሰብ ግን ኣይኾነን ካብ ክታበት ጎናዊ ሳዕቤናት ዘጋጥሞ። እቶም ዝበዝሑ ጎናዊ ሳዕቤናት ናይቲ ክታበት ጉንፋዕ ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ቦታ ዘጋጥም ምልስላስ፡ ሕበጥ፡ ምቕያሕ ከምኡውን ረስኒ፡ ቅልል ዝበለ ናይ ሕማም ስምዒት፡ ድኻም ከምኡውን ቃንዛ ጭዋዳታትን እዮም።

ብሰንኪ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ድሕሪ ክታበት ከጋጥም ዝኽእል ከቢድ ጎናዊ ሳዕቤናትን ኣለርጂን ኣዝዩ ሳሕቲ እዩ።
ድሕሪ ክታበት ብዛዕባ ዘጋጥም ዝኾነ ምልክታት ወይ ንውሓት ግዜ ርግጸኛ እንተ ዘይኴንኪ፡ ምስ ሓኪምኪ ተዛራረቢ።

ክታበት ኢንፍሉዌንዛን ኮሮና ቫይረስን ኣበይ ክረክብ እኽእል፣

ንብዓልቲ ሞያ መዋልዳን፡ ሓኪምኪ ወይ ኣብ ወብሳይት ናይ ኮሙነ ተወከሲ።

ተወሳኺ ኣብዚ ኣንብብ፡-
fhi.no/voksenvaksinasjon

FHI